መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት



# እታ ካልኣይ ግዜ ብህይወት ዝነበረት ጓል

ጸሓፊ ፦ Edward Hughes

ገላጺ ፦ Janie Forest, Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ Ruth Klassen

ተርጓሚ፦ ተስፋኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ

ኣባዛሒ፦ Bible for Children
www.M1914.org

©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

ኢያኢሮስ ንኣምላኽ ዜምልኽን ንኻልኦት ሰባት ውን ቃል ኣምላኽ ዚምህርን መራሒ ሃይማኖት ኣይሁድ እዩ ነይሩ። ሓደ መዓልቲ ኣብ ቤት ኢያኢሮስ ከቢድ ሽግር ኣጋጠመ። እታ ጓል ዓሰርተው ክልተ ዓመት ዝፈትዋ ጓሉ ሓመመት፡ ሓደ እኳ ክሕግዛ ኣብ ዘይክእለሉ ኩነታት ኢያ ነይራ፡ እቲ ሕማም ከቢድ ኢዩ ነይሩ፡ ኢያኢሮስ ጓሉ ትመውት ከም ዘላ ይፈልጥ ነይሩ እዩ ።




ንዳል ኢያኢሮስ ኪሕግዛ ዚኽእል ሓደ ሰብ ጥራይ እዩ ነይሩ ስለዚ ኢያኢሮስ ንኢየሱስ ኪረኽቦን ናብ ቤቱ ከምጽኦን ተበገሰ፡ ኢያኢሮስ እቶም ሃይማኖተኛታት የዕሩኹ ን ኢየሱስ ከም ዘይቅበልዎ ይፈልጥ ኢዩ ንሱ ግን ብዛዕባ እዚ ነገር ኣይተገደሰን ጓሉ ከይሞተት ከላ ቐልጢፉ ሓገዝ ኪረክብ ኣለዎ ።






ኢያኢሮስ ንኢየሱስ
ብሰባት ተኸቢቡ ከሎ
ረኸቦ። ኣብ እግሩ
ተምበርኪኹ ድማ፡
''ጓለይ ክትሞውት
ኢላ ኣብ ዓራት
ደቂሳ ኣላ ምእንቲ
ኽትፍወስ ንዓ
ኣእዳውካ ኣንብረላ
እሞ ብህይወት
ክትነብር እያ፡ ኢሉ
ኣጥቢቑ ለመኖ፡



ኢየሱስ ምስ ኢያኢሮስ ከደ፡ እንተኾነ ግን ብሰንኪ ብዝሒ ሰባት ቀልጢፎም ክጓዓዙ ኣይከኣሉን፡ ኣብዚ መንገዲ ድማ ሓንቲ ናብ ብዙሓት ሓካይም ብምኻድ ገንዘባ ዝወድአት 12 ዓመት ዝሓመመት ሰበይቲ ነበረት፡ ን ኢየሱስ ክትርእዮ ድማ ብርቱዕ ድሌት ነበራ።



እታ ሰበይቲ ን ኢየሱስ ምስ ረኸበቶ እንታይ ክትገብር ትኽእል፥ "ክዳውንቱ እንተ ተንከየ ክሓዊ እየ" ኢላ ብውሽጣ ተዛረበት፥ ናብ ኢየሱስ ገጻ ብምኻድ ውን ኢዳ ዘርጊሓ ውን ዘፈር ክዳኑ ተንከየቶ።



ተኣምር! ተኣምራት!ድማ  ኮነ እታ ሰበይቲ ሓወየት። ብኡብኡ! ምሉእ ብምሉእ!ከም ዝጠዓየትን፡ ከም ዝሓሸን ተፈለጣ። ድሕሪኡ ግና "መን ተንከየኒ ዝብል ድምጺ መጸ ? ብዙሓት ሰባት ይትንክይዎ ነይሮም ኢዮም እንተኾነ ግን እዚ ክብል ከሎ እታ ዝተፈወሰት ሰበይቲ ብዛዕባ እዚ ነገር ክትዛረቦ ስለ ዝደለየ ኢዩ፡ ብፍርሓት ድማ ብዛዕባ እቲ ዝኾነ ነገር ብኩሉ ነገረቶ ።

ብኡብኡ! ድማ ኣገልገልቲ ኻብ ቤት ኢያኢሮስ መጹ። ቅድሚ ምዝራቦም ገጾም ብዛዕባ እቲ ዘጋጠመ ነገር ይምስክር ነይሩ፡ ን ኢያኢሮስ ድማ "ጓልካ ሞይታ ኢያ" በልዎ፡ ምናልባት እታ ሰበይቲ ን ኢየሱስ እንተ ዘይተደንጉዩ



ነይራ . . . ምናልባት ውን ከምዚ እንተዝኸውን ዝብል ብዙሕ ነገር ነይሩ . . . ብዝኾነ ግን እታ ብልጽቲ ጓል ኢያኢሮስ ሞይታ! ኢየሱስ እዚ ምስ ሰምዐ "ኣይትፍራሕ፣ እመን ጥራሕ እምበር ክትጥዕም እያ" በሎ፡ ኢያኢሮስ ጓሉ ሞይታቶ ከላ ንኢየሱስ ብሓቂ ኺኣምኖ ኽሳዕ ክንደይ ኣጸጋሚ ነይሩ!

ኣብ ገዛ ኵሉ ሰብ ነታ ጓል ይበኽየላን ይሓዝነላን ነበረ፡ ኢየሱስ ድማ "ደቂሳ እያ እምበር ሞይታ ኣይኰነትን" በሎም፡ እቶም ሰባት ግን እታ ጓል ከም ዝሞተት ይፈልጡ ነበሩ እሞ ሰሓቅዎ።



ኢየሱስ ንኩሎም እቶም ሰባት ካብቲ ገዛ ምስ ኣውጽኦም ነታ ጓል ብኢዳ ሒዙ "ኣቲ ንእሽቶ ጓል ተንስኢ" በላ። ኢያኢሮስ ምስ ሰበይቱ ኣብኡ ነበረ፡


ሰለስተ ደቀ መዛሙርቲ ኢየሱስ ዉን ኣብኡ ነበሩ። ኵላቶም ንቓላት ኢየሱስ ሰሚያምዎ እዮም እታ ዝሞተት ንእሽቶ ጓልከ ትሰምዖምዶ ትኸውን ?



እታ ዝሞተት ጓል
ትእዛዝ ኢየሱስ
ሰምዐት! መንፈሳ ውን
ተመልሰ እሞ ብኡብኡ
ተንስአ ። ኢየሱስ ካብ
ምዉታት ኣተንስኣ።



ወለዲ እታ ጓል ኣዝዮም ተገረሙን፡ ኢየሱስ ነታ ጓል ዚብላዕ ኪህብዋ ነገሮም፡ እዞም ወለዲ ክሳዕ ክንደይ ኰን ተሓጒሶም ይኾኑ፣ ንኢየሱስ ኣዝዮም ኣመስገንዎ፡ እቲ ብሉጽ ፍቕሩን ሓይሉን ንጓሎም ካብ ሞት መሊስዋ ።



እታ ካልኣይ ግዜ ብህይወት ዝነበረት ጓል

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ማርቆስ 5, ሉቃስ 8

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፧130

መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3።16